ይሓ ሪል እስቴት ሓ/ዝ/ው/ትካል ብቑዓት ተጫረቲ ኣብ ውሽጢ ህንፃ ማእኸል ንግዲ ዝርከብ ንንግዲ ዝተመደበ ውሱን ትሕዝቶ ቦታ (Limited Display Area for Commercial) ንምክራይ ዝተዓሸገ ጨረታ ከቕርቡ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሕዳር 22, 2018 (ቅድሚ 12 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 27, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: -18, 1745 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ገዛ/ህንፃ ክራይ/

ምልክታ ጨረታ

ዝውዕለሉ ጥቕሚ ፡-ናይ ተኻራያይ ውሱን ትሕዝቶ ቦታ(Display Area for Commercial)

ሸም ንግዳዊ ማእከል ፡-ይሓ ሪል እስቴት ሓ/ዝ/ው/ትካል

1. መእተዊ

ትካልና ይሓ ሪል እስቴት ሓ/ዝ/ው/ትካል ብቑዓት ተጫረቲ ኣብ ውሽጢ ህንፃ ማእኸል ንግዲ ዝርከብ ንንግዲ ዝተመደበ ውሱን ትሕዝቶ ቦታ (Limited Display Area for Commercial) ንምክራይ ዝተዓሸገ ጨረታ ከቕርቡ ይዕድም። እቲ ውሱን ትሕዝቶ ቦታ ንውዕውዕ ንግዲ መጥቕሚ ዝዓለመ እዩ።

2. መግለጺ ናይቲ ቦታ

ተ/	ደረጃ ደብሪ(Floor)	ስፍሓት ብ ሜ/ካሬ	ቦታ ዝርከበሉ ከባቢ	መበገዚ ዋጋ ብ ሜ ካሬ
1.	ምድሪ ቤት(Ground)	2ሜ *2ሜ	ዋና በሪ (ድሕሪ ዋርዲኣያ)	2,300
2.	ምድሪ ቤት(Ground)	1.4ሜ*2ሜ	ምድሪ ቤት(Ground)	2,500
3	መእተዊ ዋና በሪ	1.50 %	ኣብ ቕድሚት ሊፍት	2,000

ጨረታ ሰነድ ዝግዘኣሉ ዕለትን ሰዓትን፡

ተጫረቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ኣብ ዓዲ ሓቂ ጥቓ ዋና ቢሮ ደደቢት ማኢክሮ ፋኢናንስ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ይሓ ሪል እስቴት ሓ/ዝ/ው/ትካል 6ይ ደርቢ ቢሮ ቑፅሪ 8ተ ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ዕለት 23/03/2018 ዓ/ም ክሳብ 27/03/2018 ዓ/ም ዘይምለስ 100.00 (ሚኢቲ ብር) ብምሓዝ ምግዛእ ይኽእሉ።

2. ጨረታ ዘድልዮም ነገራት ተጫረቲ እዞም ዝስዕቡ ከቕርቡ ኣለዎም፤

✓ መኽበሪ ጨረታ ብሸም ይሓ ሪል እስቴት ሓ/ዝ/ው/ትካል ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ወይ ፋይናንሳዊ ትካል 5,000.00 ብር (ሓሙሽተ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ሸሕ ብር)

✓ ንምንታይ ዓይነት ንግዲ ክጥቀሙሉ ከም ዝኽእሉ መብራህርሂ

✓ ቅድሚ ሐዚ ኣብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ትካላት ዝነገድሉ ተመሳሰልቲ ናይ ንግዲ መረዳእታ (ኣማራጺ) እንተሃልዩ።

✓ ተጫረቲ ምስ ሰዓሩ ንንግዲ ዘድልዮም ወይ ዝጠቐሙሉ ነቲ ስፍሓት ዝምጥን ባልኮኒ(ተገዳሚ ኣልሚኒዮም ጠርጴዛ ከቕርቡ ይግባእ።

4 ጨረታ ሰነድ ንምቕራብ ተጫረቲ ዝኸተልዎ መምርሒ

ኣገባብ ምቕራብ፦ ተጫረቲ ዝገዝእዎ ጨረታ ሰነድ ኣብ ቤት ፅሕፈት ይሓ ሪል እስቴት ሓ/ዝ/ው/ትካል ዝተዳለወ ሳፁን ብዝተዓሸገ ካኪ(ፖስታ) ከምኡ እውን ብንግዳዊ ትካሎም ዝተሓተመ ሕጋዊ ማሕተምን ኣብ ልዕሊ ጨረታ ሰነድ ዝሓዘ ፖስታ ቕድሚ ናይ ጨረታ ሰነድ መኽፈቲ እዋን ከይኸፈት ዝብል ፅሑፍ ብምፅሓፍ ዕለት27/03/2018 ዓ/ም ካብ ሰዓት 2፡30 ክሳብ ሰዓት 4፡00 ጥራሕ ከእትዉ ይግባእ።

❖ ካብ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ሰነድ ተቐባልነት የብሉን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle